ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ሕድሪ

الإنقاذ الوطني الإرترية حيدرى

# ERITREAN NATIONAL SALVATION HIDRI

## ንኡስ ጨንፈር ከለንን ከባቢኣን ሃድኤሕድሪ ወርሓዊ ኣኼብኦም ኣካይዶም።

ኣባላት ውድብ ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ሕድሪ ንኡስ ጨንፈር ከለንን ከባቢኣን ወርሓዊ ኣኼብኦም ከምዘካየዱ ተሓቢሩ። ካብቲ ቦታ ዝመጸና ሓበሬታ ወሲኹ ከምዝገለጾ፡ ወርሓዊ ኣኼባ ንኡስ ጨንፈር ከለንን ከባቢኣን ካብ ማንም ግዜ ንላዕሊ ሎሚ ኩነታት ሃገርናን ዞናናን ሓድሽ ተርእዮን ምዕባለን ኣብ ዝተኸስተሉ ይካየድ ምህላው እዩ።



ብወገን ኢትዮጵያ ቅልጡፍ ለውጢ ዝመስል ሸበድበድ ዝረኣየሉ መድረኽ እንዳተኻየደ ብወገን ኤርትራ ግን ዝኾነ ንህዝቢ ዘርብሕ ኣንፈት ናይ ለውጢ ዘይምህላዉ ደላይን ተቃላሳይን ንፍትሒ ህዝብና ከብዱ ሓቁፉ ሕጂ ከ ናበይ እንዳብለ ተሾቅሪሩ ይኸይድ ምህላዉ ንምግማት ዘጸግም ኣይኮነን።



ህዝብና ንምድሓን ዘለና እንኮ ምርጫ ኩለን ደለይትን ተቃለስትን ንፍትሒ ሓደ ኣካልን ብሓደ ኣፍን ህዝቢ ወኪለን ክቀርባ ንጽባሕ ዘይበሃሎ ዕዮ ገዛ ምኳኑ ብምግንዛብ፡ መሪሕነት ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ሕድሪ ካብ እዋን ጉባኤኡ ጀሚሩ ንኹለን ውድባትን ሰልፍታትን ረኺቡ ብምዝታይ ሓድነት ተቃለስቲ ንፍትሒ ንምድልዳልን ደኺመ ከይበለ ይገብሮ ንዘሎ ርክባት ድሮ ውን ፍረ ዝረኸበሉ ናይ ሓድነት ጨራ ኣገናዕ ቀጻሎ እንዳበልና፡ ዓቅምና ዘፍቅዶ ኩሉ ከነበርክት ድሉዋት ኢና ክብል ካብቲ ቦታ ዝመጸና ንጹር ሓበሬታ የረድእ።

ድሕነት ህዝብን ሃገርን ልዕሊ ኹሉ!!
ዝኽርን ክብርን ንሰማእታት ኤርትራ!!
ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ሕድሪ ክፍሊ ዜናን ባህልን